ቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽንን መንገድን መጓዕዝያን ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ኣብ ቀበሌ 02 ቤት ትምህርቲ ፀሃየ ስራሕ መመልኢ ህንፃ ብድረጃ 8 ብርኪ ፍቃድ ኣናእሽተይ ንግዲ ትካላት ንኮንስትራክሽን ማሕበራት ውልቀን ደኣንትንብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ።ዝስዕብ ረቋሒ እተማልኡ ነጋዶ ንክትወዳደሩ ብኽብሪ ንዕድም።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ መጋቢት 20, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሚያዝያ 2, 2011 03:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000.00
ቦታ:ሽረ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ረቡዕ ሚያዝያ 2, 2011 03:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

1 ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሓደሰ ብቤት ፅሕፈት ልምዓት ደቀቅትን ኣናእሽተይን ንግዲ ትካላት ዝተዉሃቦ ብርኪ ትካል ወረቀት ምስክርን ፍቃድ ስራሕ ንግዲ፤

2 ፍቃድ ስራሕ ንግዲ ናይ ኮንስትራክሽን ተኮናታራይነት ምዝገባ ወረቀት ምስክር ዘለዎ፤

3 መለለይ ቁፅሪ ከፋሊነት ግብሪ ከፋላይ ምዝገባ ወረቀት ምስክር፤

4 ምዝግባ ወረቀት ምስክር ተወሳኬ እሴት ታክስ ናይ ዝሐለፈ ወርሒ ሒሳብ ዘፍለጥሉ መረዳታ ዘቕርብ፤

5 ንመከበሪ ጨረታ 10000.00 (ዓሰርተ ሽሕ ቅርሺ) ካብዞም ዝስዕቡ ብሓዲኡ መልክዕ ዝቀርብ ኮይኑ ብቤሔራዊ ባንኪ ኢትዩጰያ ካብ ዝተፈቀደሎም ባንክታት ወይ ፋይናንሳዊ ትካላት ዝዉሃብ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ዉሕስና ባንክታት ወይ ፋይናንሳዊ ትካላት ዘረጋገፅዎ ቼክ (ሲፒኦ) ከቅርቡ አለዎም።

6 ተጫረቲ ናይቲ ዝጫረትሉ ህንፃ ፕሮጀክት ስራሕቲ ሳይት ካብ ዝተረከብሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ ተከታተልቲ 120 መዓልቲታት ሙሉእ ብሙሉእ ዛዚሞም ከረክቡ አለዎም፤፤

6 ተጫረቲ ብቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽንን መንገድን መጓዕዝያን ከይዲ ስራሕ መንገዲ ምዕባለን ምምሕዳርን ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ 50.00 ቅርሺ ብምክፋል ጀሚሩ ቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽንን መንገድን መጓዕዝያን ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ መንገዲ ምዕባለን ምምሕዳርን ክፍሊ ቁፅሪ 3 ምዉሳድ ይክእሉ እዮም

7 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ሰነድ ጨረታ ሓደ ዋና ምስ ክልተ ቅዳሕ ናይ ጨረታ መክበሪ ብቤት ፅሕፈት ልምዓት ደቀቅትን ኣናእሽተይን ንግዲ ትካላት ዝተውሃቡ ብብርኪ ትካል ምስክር ወረቀት ናይ ስራሕ ፍቃድን ናይ ኮንስትራክሽን ተኮናታራይነት ምዝገባ ወረቀት ፣ናይ ግብሪ ከፋላይነት፣ መለለይ ቁፅሪ ፣ ምስክር ተወሳኬ እሴት ታክስ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ሒሳብ ዘፍለጥሉ መረዳታ ፣መቅረባይነት ምስክር ወረቀት ክተቅርቡ ኣለኩም። ሰነዳት ኣብ ዝተፈላለየ ፖስታታት ምስዓሸጉ ኩሎም ፖስታታት ኣብ ካልእ ዓብዩ ፖስታ መሊሶም ብምዕሻግ ናይቲ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ሸም ኣብ ልዕሊ እቲ ዓብዩ ፖስታ ብዝርአ ቀለም ብምፅሓፍ ናብ ቢሮ ቁፅሪ 2 ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ብኣካል ብምምፃእ ክተእትው ኣለኩም ።

8 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ብዉነ ተረዲኦም ዋጋ ብምምላእ ገፅ ፈረሞምን ማሕተም ብምዕራፍ እቲ ሰነድ ጨረታ ከምቲ ክሸየጥ ከሎ ዝነበረ ከይጋደሉ ከቅርቡ ኣለዎም

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9 እቲ ጨረታ ኩሎም ተጫረቲ ኣብ ዝተረከብሉ 02/08/2011 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ልክዕ ሰዓት 3፡30 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽንን መንገድን መጓዕዝያን ዝርከብ ከይዲ ስራሕ መንገዲ ምዕባለን ምምሕዳርን ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ክፍሊ ቁፅሪ 2 ይክፈት።

9 እቲ ቤት ዕዩ ከይዲ ስራሕ ዝሓሸ ኣመራፂእንተረኪቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኪ ሓበሬታብቁፅሪ ስልኪ 0344-442239/0344-442280 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle